# 24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት

እንቋዕ 24 ግንቦት ኣብጽሓና
ዝጀመርናሉ እቲ ነዊሕ መሪርን ቃልስና
ንዅሉ ህዝብና ወዳዲብና
ሕሰምን መከራን ተጻዊርና
ምስ ብጾትና ብረትና ዓቲርና
ምስ ታንክታት ተራጺምና
ኣርኢናዮም ኮታ ሓነትና
ኣብ ክንዲ መርዓ መስዋእቲ መሪጽና
ንስኻ ጽናሕ ኣነ ክሓልፍ እንዳበልና
ኣሕሊፍናዮ ቍራስ እንጀራ ተማቒልና
ከይረዌና ብመኽደን ብራሾ ማይ እንዳ ሰቴና
ብቓልስና ኢና እንታይነትና ኣመስኪርና
ኣፍሺልናዮ ውዲት ጸላእትና
ዓወት ዓዲ ሸርም ጨራ ናጽነት ከፈተልና
ብኡ ንብኡ ድማ ኣቃልቦ ዓለም ስሒብና
ጸላኢ ምስ ተጨፍለቐ ንዛተ በለና
ዝኣጐድኳዮ ሓዊ ባዕልኻ ስሓና
ሓንቲ እያ እታ ዘረባና
ኣይንምለስን ኣስመራ ከያተና ኢልና መሊስና ሰውድና
ኮታ ኣይደንጐናን ናጽነት ጨበጥና
ባንዴራና ድማ ኣብ ዓለም ኣንበልበልና።

ሎሚኸ እንታይ ኢዮም ዝብሎ እዞም ዓመጽቲ
ብኣና ድቃስ ስኢኖም ለይቲ ምስ መዓልቲ
ሓብታማት እንከለው ካብ ድኻታት ለመንቲ
ባዕሎም ከሰስቲ ባዕሎም ፈርድቲ
ወሪዱና ንሕናስ እንታይ በሃልቲ
ደምበ ውፍያት ደምበ ትዕግስቲ
ባዕሎም እንከለው ዘረግቲ
ኣብ ምሉእ ዓለም ሓዊ ኣናኸስቲ
ብኣጋርን ብነፈርትን ሰላማዊ ህዝቢ ቀተልቲ
ኣመሎም እዩ እዞም ፍትሒ ጓዕጸጽቲ።

ኣይንፈርሕን ብታህዲድ ናታትኩም
ዝመጸ እንተ መጸ ንቕድሚት ንስጉም
ኣይነሳስን ኮታ ባህግታትኩም
ሓደ ህዝቢ ኢና ደጊምና ንብለኩም
በኞኹም ኣይትተንከፉና ሓደራኹም

ዓወት ንሓፋሽ

ተስፋይ ጀርመን